ERI-PLATFORM
Enlighten, Engage, Unite

13.03.2018

# ዋዕላ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ
## ደን ሃግ፡ ነዘርላንድስ

ብኣጋጣሚ ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ 2018፡ ካብ ዓሰርተ ሃገራት ኤውሮጳ ዚመጻ፡ ልዕሊ ስድሳ ወከልቲ ሓያሎ ጕጅለታት ኤርትራውያን ደቀንስትዮን ግዱሳት ውልቀ ደቀንስትዮን ኣብ ከተማ ደን ሃግ፡ ዘ ነዘርላንድስ፡ ኣብ 9-10 መጋቢት 2018 ዕዉት ዋዕላ ኣካይደን። ቀንዲ ዕላማ ናይቲ ብምወላ ኤሪ-ፕላትፎርም (ሆቴል፡ መግቢ፡ ኣደራሽ ኣኼባ) ዚተሳለጠ ናይ ክልተ መዓልቲ ዋዕላ፡ ምትእስሳር መርበብ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ ኤውሮጳን ኪንዮኡን ንምዕባይ፣ ምሕዝነት ንምድልዳልን ንጥፈታት ንምስፋሕን ኢዩ ነይሩ።

እቲ መሰረታዊ ቴማ (ፍረ-ነገር) ናይቲ ዋዕላ ኣብ መሰል ማዕርነትን ሓርነትን ደቀንስትዮ ዘተኰረ ነይሩ። እቲ ዚተኻየደ ዝርርብ፡ ኣብ ዓንኬል ናይቲ ኣብ ኤርትራ ምእንቲ ግዝኣተ-ሕጊ፡ ደሞክራስያዊ መትከላትን ኣኽብሮት ሰብኣዊ መሰላትን ዚሰላሰል ሓፈሻዊ ቃልሲ፡ ጾታዊ ማዕርነት ንምርግጋጽ ዚዓለመ ተሳትፎ ደቀንስትዮ ኣብ ምዕዛዝ ዘተኰረ ልውውጥ ተመኵሮ፡ ዚተቐስሙ ምህሮታት ኰነ ዚሓሹ ኣገባባት ኣቀራርባ፡ ዘትዩ። እቲ ዋዕላ ብዛዕባ'ቲ ንኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ስደትን፤ ማለት ኣብ ጕዕዞ ናብ ስደት፣ ኣብ መዓስከራት ስደተኛታት፣ ኰነ ኣብተን ኣእንገድቲ ሃገራት ዕቑባ ኣብ ምሕታት፣ ዘጋጥመን ሽግራትን ብድሆታትን ተመክሮታት ንምልውዋጥ፤ ሕቶ ደቀንስትዮ ዘይንጸል ኣካል ናይቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሓፈሻዊ ጠለብ ንደሞክራሲ ምዃኑ ሓባራዊ ግንዛበ ክብ ንምባል፣ ግቡእ ፍታሕ ንምምጻእ ኢድ-ንኢድ ብሓባር ንምስራሕ ባይታ ንምጥጣሕ፣ ዕድል ሂቡ። ኣቃውማ ናይቲ ወለዶታት ናይ ገዳይም ተጋደልትን መንእሰያትን፡ ወኪለን ይኸውን ንውልቀን፡ ዚተሳተፈኦ ዋዕላ፡ ንባህላዊ ብዙሕነት ኤርትራ ዘንጸባርቕ ነይሩ።

እቲ ዋዕላ ተሳትፎን ዓቕምን ደቀንስትዮ ንምዕዛዝ፡ ብደረጃ ከባብን ዞባን፡ ሓባራዊ ስራሕ እተወሃሃደ ሽማግለ ብምምራጽ ስርሑ ዛዚሙ።

